ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ

حزب النهضة الإرتري

Eritrean Nahda Party

## መግለጺ ኣራሚት ሽማግለ

## ብዛዕባ ኣብ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው።

**ክቡር ውጹዕ ተቓላሳይ ህዝብና፡**

**ኣብ መላእ ኩርናዓት ዓለም ትርከቡ ኣባላት ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

መበገሲ ዕላማ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ነዚ ኣብ መስርሕ ናጽነት መሪሕ ግደ ዝነበሮ ሕብረተ-ሰብ ጀበርቲ፡ ግዳይ ናይዚ ኣብ ኮረሻ ተወጢሑ ዘሎ ስርዓት ህግደፍ ኮይኑ: ብቀጻሊ ዝወረዶ ናይ ምጽናት ውጥን፡ እምቢትኡ ከስምዕን ምስ ውጹዕ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሩ ነዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ንምምካት ከም ዝኾነ ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ኣብሪህናዮ ኢና።

ኮይኑ ድማ: ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ-ዓለም ዝርከብ ሕብረተ-ሰብና ጠርኒፉ ፡ ብኤርትራውያን ተቃወምቲ ውድባትን ኅሮባብቲ ሃገራትን ብሓፈሻ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ጀበርቲ ድማ ብፍላይ ሙሉእ ደገፍን ተቀባልነት ረኺቡ ንልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ኣብ ዝተፈላለየ መዳያት ብዓቕሙ ኣስተዋጽኦ ከበርክት ጸኒሑ። ብተወሳኺ፡ ንሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ካብ ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት ፍልይ ከብሎ ዝኽእል፡ ኣቦ-ወንበር ሰልፊ ብተኸታታሊ ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ ክምረጽ ከም ዘይብሉ ኮይኑ፡ እዚ ድማ መንእሰያት ኣብ ናይ ምምራሕ ዕድላት ጥጡሕ ባይታ ንምንጻፍ ተባሂሉ እዩ። ኩላትና ከምዝተኻታተልናዮ ድማ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ሰልፊ ብዘይ ገለ ጸገማት ጥራይ ዘይኮነስ ብምሉእ ደገፍ ኣቲ ናይ መሪሕነት ምትሕልላፍ እማመ ብዘይ ገለ ጸገም ኣተግቢርዎ።

ይኹን እምበር፡ ሓዲሽ መሪሕነት ነቲ ቀንዲ ዝተበገስናሉ ዕላማ ስሒቱ፡ ካልኣዊ ዝኾነ ጉዳያት ኣንዳ ጸሕተረ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ሽውዓተ ዓመት ዝነበረና ክብሪ ኣጥፊኡ፡ እነሆ ሎሚ ፈተውትና፡ እዚ ፡ እቲ ንልዕሊ ሸውዓተ ዓመት ዝፈለጥናዮ ንሕብረተሰብ ጀበርቲ ዘንጸባርቕ መሪሕነት ኣይኮነን ክብሉ ብዘይቀልዓለም ክዛረቡን ክኽዕቡናን ተራእዮም።

ብወገን ውሽጣዊ ኩነታት ሰልፊ እውን ኣንተኾነ ፡ ኣንጻር ናይቲ ዝሓላፈ ሸውዓተ ዓመት ዘጥረናዮ ሓድነትን ጥርናፌን፡ ዘይነበረናን ዘይንፈልጦ ጉጅላዊ ኣሰራርሓ ሳዕሪሩ ፈጻምቲ ሽማግለ ይኹን፡ ማእከላይ መሪሕነት ብሕጊ ተቀይዶም ብሓባር ክሰርሓሉ ኣብ ዘይክእለሉ ደረጃ በጺሑ። እቲ ዕጫ ንመሰረታት ከይተረፈ እዩ ኣርኪብሉ። ሎሚ፡ ብዘይቀልዓለም ክንዛረብ እንድሕር ኮይንና፡ መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ጨንፈር ዘለዎ ኣራኣእያ፡ ብዘይካ ናይ ገንዘብ ምንጪ ካልእ ዋጋ ከምዘይብሉ ትሑት ግምት እዩ ዝህቦ።

ወስኔታት ሰልፊ፡ ኣቦ-ወንበር ማእከላይ መሪሕነት ይኹን መብዛሕቶም ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ዘይፈልጥዎ፡ ኣቦ-ወንበር ሰልፊ ምስ ገለ ጉጅለታቱ ኮይኑ ብውልቁ ዝውስኖ እዩ። ንኣብነት ፡ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ተሰማሚዕናሉ ክነብቅዕ፡ ድሕሪ ጉባኤ

ማእከላይ መሪሕነት ነጻ ተቆጻጻሪ (ጀነራል ኦዲተር) ክሓጺ ኣይካኣለን። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ኣቦ-ወንበር ሰልፊ እቲ ካብ ዝተፈለለየ መሰረታትና ዝቐርበሉ ክስታት ንምህዳም እዩ።

**ምስ ተቓወምቲ ውድባት ዝነበረና ሓያል ዝምድና ከይተረፈ፡ ሎሚ ብሰንኪ እቲ ጉጉይ ፓሊሲ ኣቦ-ወንበርን ሳዓብቱን ኣብ ክዕረዮሉ ዘይክእል ዝባኣሰ ደረጃ እዩ በጺሑ።** ብተወሳኺ፡ ኣቦ-ወንበር ሰልፊ ካብቲ ማሕንቆ ናይ ሳልሳይ ጉባኤ ንምህዳም፡ ኩሉ ኣብ መንገዱ ጠጠው ክብል ዝኽእል ኣባል መሪሕነት ይኹን ተራ ኣባል ብዘይገድስ ንምእላዩ ስረሐይ ኢሉ እዩ ተታሓሒዝዎ። ነቲ ዝተደራረበ ጊጋታቱ ንምሽፈን፡ ምልኣተ ጉባኤ ዘይብሉ ካብ 21 ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት 8 ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ጥራይ ዝተረኽብሉ ኣኼባ ኣካይዱ፡ ማዓልቲ ጉባኤ፡ ኣሳናዳዊ ሽማግለን ባዕሉ ዝሓጸዮም ተቖጻጸርትን ካልእን ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

ነዚ ኣዝዩ ሓያል ተቓውሞ ናይ መሰረታት ዝታዓዘብና፡ ኣቦ-ወንበር ማእከላይ መሪሕነት ዝርከብዎም፡ ኣባላት ፈጻሚት ሽማግለ፡ ኣባላት ማእከላይ መሪሕነትን ብሓባር ነዚ ብመሰረታት ዝቐረበ ሓያል ጻውዒት ብግቡእ ድሕሪ ምስማዕ፡ ጌጋታት ሰልፊ ንምእራም ዘድሊ ጎስጓሳት ክነካይድ ምኺንና መብጸዓ ድሕሪ ምእታው፡ ንኣቦ-ወንበርን ገለ ሰዓብቱን ብተደጋጋሚ ድምጺ መሰረታት ክነስምዖም ፈቲንና። ነቲ ብተደጋጋሚ ዝተገብረሎም ጻውዒት ግን ጸማም እዝኒ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ ምፍርራሕን ምጉጣጥን ተዋፊሮም።

ጻውዒት ናይ መሰረታት ሰሚዖም ኣብ ክንዲ ዝእረሙ፡ ኣብ ታሪኽ ተቓወምቲ ውድባት ይኹን በርጌሳውያን ማሕበራት ቅድሚ ሕጂ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ፡ ንኹሉ ደላይ ለውጢ ህዝብናን ፈተውትናን ብማዕረ ዘሰንበደን ዘደንጸወን፡ ኣብ ልዕሊ መስረትቲ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ ዝኾነ ጸለመን ዉዲታትን ኣሊምካ ፡ ካብቲ ባዕላቶም መስሪቶም ንዓሰርተ ዓመት ዝኸስኮስዎ ሰልፊ ምስጓግን ምድስካልን ዘይሕጋዊ ጥራይ ዘይኮነስ ኣዝዩ ሓደገኛ ውሳኔን ዓለም ብዓለሙ ዝኻዓቦ ኣዚዩ ዘስደምም ውሳኔ ከም ዝነበረ ኩላትኩም ብቐረባ ዝተዓዘብክሞ ጉዳይ እዩ።

ነቲ ኣብ ዝባንና ዝወረደ ሓደገኛ ዝኾነ ውዲት ክንምልስ እኳ እንተተገበአ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ እቲ ዘሕልፎ ዘሎ ምረት ክንውስኾ ሕልናና ኣይፈቀደልናን፡ ምእንቲ ህዝብና ኢልና ድማ ብትዕግስቲ ክንጻወሮ መሪጽና። ብኣንጻሩ ፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ንዝርከባ መሰረታትና ነዚ ናይ ምስጓግን ምድስካልን ኣዋጅ፡ ግብረ-መልሲ ንኸይገብራ ኣብ ምዝሕሓልን ምህዳእን ተጓዪና።

ኣብኡ ጠጠው ኣይበልናን፡ ነቲ ብምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርም ዝቐረበ ናይ ዕርቂ ሓሳብ፡ ብማእከልነት ሓው/ ማሓመድ ጣሃ ተወከል ተቐቢልናዮ ጥራይ ዘይኮነ፡ ንምዕዋቱ ምሉእ ድልውነት ኣርኢና። በቲ ውዕል መሰረት ድማ፡ ነቲ ናይ ምስጓግን ምድስካልን ኣዋጅ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ክስሕብዎ፡ እቲ ካልእ ዝተረፈ ጸገማት ድማ ብዘተ ክፍታሕ ዝብል እዩ ነይሩ።

ኮይኑ ግን፡ ብግምጣል ናይቲ ዝኣተውዎ ውዕል፡ ንኣባላት መሰረታትና ምጉጣጥን ምፍርራሕን ስራሕና ኢሎም ተታሒዞሞ። እቲ ብምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርም ዝቀረበ ናይ ዕርቂ እማመ ኣንደገና ክሳብ 30 ሚያዝያ ከም ዝናዋሕ እኳ እንተተገብረ፡ ነቲ ወርቃዊ ዕድል ክጥቀምሉ ኣይመረጹን። ብኣንጻሩ፡ ነቲ ምእንቲ ህዝብናን ሓድነት ሰልፍና ኢልና ዝገበርናዮ ሕድገታት፡ ከም መሸንቆቃ ገመድ፡ ኣብ ክሳዶም ተጠምጢማ ከይትሓንቆም ከም ማኣዝኑ ዝሰሓተ ፓይሎት፡ ተረቢጾም ላዕልን ታሕትን ክብሉ ብቐረባ ታዓዚብና። እቲ ናይ ግዜ ገደብ ድማ፡ ብንዕቀትን ብድዐን፡ ወላ'ውን ምእንቲ ክብረት ነቲ ዝሸምገለ ኣካል፡ መልሲ ክህቡ ኣይካኣሉን።

ስዒቡ`ውን፡ ዓበይቲ ዓዲ ሽማግለታት ጀበርቲ ፡ብናቶም ተበግሶ ናይ ዕርቂ እማመ ብምቅራብ እቲ ገደብ ናይ ግዜ ድማ ክሳብ 31 ግንቦት 2016 ዕድል ክንህቦም ሓቲቶሙና። ሕጅው`ን እንተኾነ ምእንቲ ቃልሲ ህዝብና ብዝብል ሓልዮት፡ ነቲ ብዓበይቲ ዓዲ ዝቐረበ ሕቶ፡ ከይተማታእና ተቀቢላንዮን፡ ንምዕዋቱ ድማ ኩሉ ካባና ዘድሊ ምትሕብባርን ሕድገትን ከም ዝገበርና ባዕላቶም ዝምስክርዎ ሓቂ እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ቀዳድ በርሚል ማይ ከተዕሉ ጭራስ ስለ ዘይካኣል፡ ኩሉ ጻዕሮምን ድኻሞምን፡ ውጺኢት ኣልቦ ኮይኑ። ብኣንጻሩ፡ ክንዲ ዝሽምግሉ ኣብ ልዕሊኦም ብዙሕ ዘለፋታት ከም ዝወረደ ባዕላቶም ይመስክርዎ።

**ክቡር ተቃላሳይ ህዝብና**

ድሕሪ`ዚ ብዙሕ ናይ ዕርቂ ፈተነታት፡ ነቲ ኣብ ዝባንና ዘሎ ከቢድ ሓላፍነት ዓቢ ግምት ብምሃብ፡ ነቲ ኣዝዩ ክቡር ዋጋ ዝኸፈልናሉ ናይ ቃልስና ዕላማን፡ ሰልፍና ንምድሓንን፡ ብዘይ ውዓል ሕደር ነዚ ዝስዕብ ውሳኔ ክንወስድ ናይ ግድን ይኸውን፥-

1. ኣራሚት ሽማግለ፡ ነቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከባ መሰረታትና ዝተበገሰ ናይ ምእራም ስጉምቲ ብዘይገለ ዕቃበታት ይድግፍ።

2. ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ በቲ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከባ መሰረታትና ዝረኸበቶ ሙሉእ ደገፍ፡ ክሳብ ግዜ ዋዕላ ሕጋዊት ሽማግለ ምኻና ነረጋግጽ፡

3. ብዓብድልራሕማን ጣሃኑር ዝምራሕ ሒደት ኣባላት ፈጻሚት ኣካል ዘለዉዎ ይኹን ገለ ካብ ማእከላይ መሪሕነት ዝርከብዎ ጉጅለ ካብ ዕለት 03 ሰነ 2016 ንሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ከምዘይውክል በዚ ኣዋጅ ኣቢልና ነረጋግጽ፡

4. ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ንኹሎም ኣባላትናን፡ደገፍትናን ኣካል ሕብረተሰብ ጀበርቲ ፡ (ምሁራትን፡ መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮን) ዘሳትፍ ሓፈሻዊ ዋዕላ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ከተካይድ፡

5. ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ መንኮርኮር ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንምሕያልን ምቅልጣፍን፡ እቲ ምስ ኩሎም ኣሓት ተቃወምቲ ወድባት ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ይኹን ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ከም ወትሩ፡ ብዘለና ዓቅሚ ኣስተዋጽኦ ክንገብር ምኻንና ነረጋግጽ።

6. ኣራሚት ሽማግለ፡ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዘድሊ ምትሕብባርን ደገፍን ክትገብርን፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዝርከቡ መሰረታትና ድማ ተመሳሳሊ ምትሕግጋዝ ክገብሩ ጻውዒት ተቕርብ።

**ክቡር ተቃላሳይ ህዝብና**

እቲ ኣብ ሰልፍና ዘጋጠመ ሕማቕ ኣጋጣም፡ ኣብቲ መሪር ጉዕዞ ቃልሲ ውድዕ ህዝብና፡ ተወሳኺ ጸገም ሙኻኑ ከየተሓሳሰበና ኣይተረፈን። ይኹን እምበር፡ በቲ ጉጉይ መንገዲ ምቅጻል ንዕላማ ቃልሲ ውጹዕ ህዝብና ስለዘየገልግል፡ ተደጋጋሚ ጻውዒት ድሕሪ ምግባር፥ ንጸገማትና ብሕጋዊ መንገዲ ክንሰግሮ ናይ ግድን ይኾነና። ሰልፍና፡ ኣብቲ ንብር ቦትኡ መታን ክምለስ፡ ብዘይካ ብሕጋዊ መንገዲ ኣቢልና ዘላቒ ፍታሕ ምርካብ ካልእ ምርጫ ኣይነበረናን። በዚ ኣጋጣም፡ ኩለን ኣሓት ተቓወምቲ ውድባትን ፓለቲካውያን ትካላትን፡ ነዚ ዝወሰድናዮ ሕጋዊ ውሳኔና ክቕበሉ ንጽውዕ።

ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ ነቲ  ምስ ኣሓት ተቓወምቲ ውድባት ይኹን ምስ ፓለቲካውያን ትካላት ዝነበረ ዝምድናታትና፡ ብዝሐሸ መንገዲ ኣበርቲዕና ክንሰርሓሉ ሙኺንና ከነረጋግጽ ንፈቱ።

ብተወሳኺ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ይኹን ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ  ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ንውሳኔናን ወከልንትና ክቅበሉን ብትሕትና ንሓትት።

ብተወሳኺ፥ ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ ምስ ተቓወምቲ ውድባት ይኹን ፓለቲካውያን ትካላት ዝግበር ዝምድናታት፡ ንዲሞክራሲያዊ ጉዕዞ ቃልስና ዘሰጉምን ዘቃላጥፍን፡ ኣብ ሕውነትን ምትሕግጋዝን ዝተሞርኮሰ ሓያል ናይ ቃልሲ ዝምድና ክገብር ምኻኑ የረጋግጽ።

**ክቡር ተቓላሳይ ህዝብና**

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ክምስረት እንከሎ፡ ነቲ ብስርዓት ህግደፍ ዝተዋደደ ንሕበረተሰብ ጀበርቲ ናይ ምጽናት  ውጥን ንምምካትን፡ ነቲ ብዓቢኡ ንብሙሉኡ ህዝቢ ኤርትራ ደሙ ዝመጺ ዘሎ ስርዓት ካብ ስሩ ሚሒኻ ፡ መተካእትኡ ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሓበር ኮይኑ ቆጽሊ ዘውደቀሉ ስርዓት መስሪቱ፡ ሰላምን ራህዋን ዲሞክራሲን ዝሰፈና ሃገር፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ተሳኒዩን ተዋሃሂዱን  ምንባር እዩ።

እቲ ኣብ ፈለማ ጉዕዞና ዝኣተናዮ መብጸዓ፡  ነዚ ካብ መስመሩ ወጺኡ ዝጸነሐ ሰልፊ ንምእራም ዓቕምና ብዝፈቕዶ ኩሉ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ምኽንና ደጊምና ነረጋግጸልኩም።  ንዘለና ቅዱስ ዕላማ ንምትግባር ድማ፥ ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ጀበርቲ ዝካፈሎ፡ ማለት ዓበይቲ ዓዲ፡ ምሁራት፡ ጸሓፍቲ፡ መንእሰያት፡ ደቂ ኣንስትዮ ዘሳትፍ ዋዕላ ንምክያድ ዘድሊ ምትሕብባርን ምትሕግጋዝን ክትገብሩልና ብትሕትና ንሓትት።

ኣብ መጨረሽታ፡ ነቶም ነዚ ኣብ ሰልፍና ዝተረኽበ ቅልውላው ምስ ሰምዑ  ብዝተፈላለየ ናይ መራኸቢ ብዙሓን ናይ ደገፍን ጽንዓትን ደብዳቤ ዝላኣኹልና ፈተውትን ኣዕሩኽትን ምስጋናናን ኣድናቖትናን ንገልጸሎም።  ብፍላይ ድማ ንቶም ሰልፍና ናብቲ ንቡር ቦትኡ ክምለስ መታን ደኺምና ከይበሉ፡  ክሽምግሉና ዝፈተኑ፡ ምትሕግጋዝ ሰንዓ ፎርም፡ ክቡር ሓው ማሓመድ ጣሃ ተወከል ክምኡውን ዓበይቲ ዓዲ ሕብረተሰብ ጀበርቲ ኣዚና ነመስግን።

**ዓወት ንቃልሲ ውጹዕ ህዝብና!**

**ውድቀት ንዲክታቶሪያዊ ስርዓትን ሰዓብቱን!**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!**

**ኣወሃሃዲ ኣራሚት ሽማግለ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ**

**03/06/2016**